# <u>*መን ምኧንካ ክፈልጥ ምስ መን ከምትኸይድ ንገረኒ!*</u>

*ኣብ ሃገራዊ መርገጽ ክልተ ገጽ የለን። በቲ ሓደ ወገን ግዱስ ሃገራዊ ምምሳል፡ ጥውይ ኢልካ ድማ ምስ ጸረ ሃገር ዝኾኑ፡ ሃገር ምጽላምን መንግስትን ምምንጫት ልዕሊ እቶም ዕላውያን እንግድዕዖም ከፊቶም ዝጸረሩ የቑጽር። ሰባት ከንቡቡኻን መርገጽካ እንታይ ምኹኑ ክፈልጡኻን ምሕታት ኣየድልዮምን እዩ። መኻይድኻ ምፍላጦም እኹል እዩ። ኮምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ'ዩ <u>“”መን ምኧንካ ክፈልጥ ምስ መን ከምትኸይድ ንገረኒ””</u> ዝብል ናይ መስተውዓልቲ ምሳሌ ኣብ ሃገርና ዝምሰል።*

*እዞም ከምዚ ዓይነት ጠባይ ዘለዎም ሰባት፡ ካብቶም ዝበረኞት ጸሓይና ዝነገሰ ንጉስና ዝብሉ፡ ተገላበጢ በላዕቲ ክልተ ስጋ ኢልካ'ውን ክጽውዑ ይኽእሉ። ምስ ንፋስ ዝገላበጡ፡ ኣብ ግዜ መኸተ ተሓቢኦም ዘሰቅጡ፡ ኣብ ግዜ ዓወት ልዕሊ እቶም ሰራሕቲ ቅያ ክረኣዩ ዝደልዩ ለኻብጥ እዮም። ካብ ኩቱር ኣልጋስነቶም ዝኣክል ብዛዕባ ዘየለን ዘይተገብረን ኩነታት ክዛረቡ ኣይሓፍሩን። ኣብዚ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ጸረ ኤርትራ ዝግበር ዝነበረ ተጻብኦታትን ሸርሕታትን ህጣሞም ጠፊኡ ኣበርክቶ ኣልቦ ኮይኖም ድሕሪ ምጽናሕ ከይኣክል፡ ኣብዚ ዓለም ዘናወጸ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ-19 ህዝብና ህዝቢ ኤርትራ ንምድሓን ዝተገብረ ወፍሪ ምብዳህ ኮቪድ ከም ልማዶም ጥርቅም ሓገዞም ከየበርከቱ ኣእዳዎምን ኣእሙሩኦም ሓንጊደን ታሪኽ ኣልቦ ክኾኑ መሪጾም/መሪጸን።*

*እቲ ኣዝዩ ዘደንጹ ግን ምስ ሰብ ይነብሩ ከም ዘለዉ ምዝንግዖም እዩ። ኣብ ኩሉ ዘጋጠመና ተጻብኦታት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ደገፍቲ ጸላእትና ኮይኖም ንኪይንዕወት ዝተሓባበሩን ዝጸልዩን ዝነበሩ ሕጂ ወያነ ምጥፍኣ ምስ ረኣዩ ከም ግሔ ድሕሪ ዝናብ ካብ ባዓቲ ወጺኣ ጸሓይ ትጽሎ፡ ከዳምቑን ተሓወስቲ ክመስሉን ምጉያዮም እዩ። ምስ ሰብ ስለ ዝነብሩ ተግባራቶም ዝፈልጡ ሰባት ኣለዉ። ገለ የውሃት ዝብልዎ ነገር'ውን ኣሎ። ድሓን እንቋዕ ሕጂ ልቢ ገበሩ ልክዖምን ተግባራቶምንን ከይነገርካ ናይ ይመሓሩ ዝብል ሓላፍነት ዝጎደሎ ኣዘራርባ ይስማዕ። ሃገርን ህዝብን ኣስቂጡ ዝበደለ ኣይንፈልጠካን ኢና እኳ እንተዘይተባህለ ከምንፈልጦምን ንፈልጠንን፡ ዝወንዘፍዎ ጉቡኣቶም ከም ኩሉ ኤርትራዊ ከማልኡን ከነፍልጦም ሓላፍነት ኣሎና። እቶም ብግርህና ይኹን ስንፍና ወጅሃላ ትርእዩዎ፡ ነቶም ንዓመታት ብሂወቶም፡ ጉልበቶም፡ ንብረቶም፡ ገንዘቦም፡ ግዚኦም፡ ስለ ህዝብን ሃገርን ዘገልገሉ ክትጥምቱ ኣሎኩም። ኣብ ኤርትራ ኣብ ጽንኩር መድረኽ ዘግልል፡ ኣብ ራህዋ ብጻማ ካልኦት ዘውደልድል ቦታ ክህልዋ ኣይግባእን። ወያነ መንግስቲ ኤርትራ ክቕይሮሎም ክልተ ካብ ሚእቲ(2%) ከይከፍሉ ዝሓንገዱ ጥራይ ዘይኮነስ ንዝኸፍሉ ዝኸሰሱ ምኧኖም ኣይንረስዕ።*

*ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡*<br>
*ዓወት ንሓፋሽ*<br>
*ገብረንጉስ መስመር ጥሪ 15/2021*